## ትምክሕተኛታት እንተዘይ ሓተቱ ይቅረታ
## ኣብ ደሞክራስያዊት ኤረትራ የብሎምን ቦታ

ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ

በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ተቐበልቲ ሕድሪ ክረኽቡ ሩፍታ
ንደምና ዝመጸዩ ነስፍሮም ትሕቲ ባይታ
ክረግፉ ከም ናይ ንግሆ ኣሳሓይታ።

ኣብ ከተማታት ዝሸፈቱ ናይ ሳሕል ኣትማን
ኢምቢሰመ ንህግደፋዊያን ኣይትሃብዎም ፍናን
ንግልማይ ይጽናሓልና ምባል ገበን እዩ  ገበን
ኣብ ቦታ ገባብል  ኣትማን ክንትክእ ንቃለስ የሎናን።

ዝረሰዑ ዝተሰዉኡ እምዓ ለሉ ዓደይ
ኣነስ ሓሊፈ እየ ፈጺመ ጉቡኣይ
ሓደራ ታሪኽ ጸሓፉ በቲ ቀይሕ ደመይ
ኣብ መጻኢት ኤረትራ ሓወልቲ እዩ ዓስበይ።

እወ እዚ እዩ ሕድሪ ጀጋኑና
በኛ ሓሊፎም ሃገር ዘረከቡና
ከምቶም ዝጠለሙ ስለ ዘይ ኮና
ሕድሮም ክነተግብሮ ንቃለስ ኣሎና።

ንርኢ እንተ ዲሒንካ ብሽምግልና ቀጠር
ቀሪብካ ኢኻ ትሕቲ መረት ክትቅበር
ኣብ ትበጽሖ የብልካን ማዓልትኻ ቁጸር።

ርሕቕቲ ኣይኮነትን እታ ማዓልቲ
ኣብ ፍርዲ ዝቐርቡላ መታለልቲ
ሹዑ የብቕዕ ናይ ህግደፍ መግዘእቲ።

ዓዲ ጀጋኑ ክርኢያ ፋኑስ ተወሊዓ
ምስ ተተግበረ ናይ ጀጋኑ ምብጻዓ
ሓደታት ኣብ መቃብር ህግደፍ ክስዕሰዓ።

ማስጣ ክወርዱ ህዝቢ ዘብከየ
ኪኖዶብ ካሓልም ኣህዛብ ዘድመየ
ከይሃደመ ዶባትና ናቓጸጸሮ ሃየ

መን ተሪፍዎ ሕጂ ኸ ዘይበኸየ
ኣየናይ ጎረበት ኣሎ ዘይተተንከየ
በቲ ሸማን ኣባሻውል ዛዓበየ።

ሃገር ዶ ይመርሕ ርእሰ ዝሓመመ
ጸጸራት ነስፍሮ ዝተረፉ ከይለከመ

*ከም ኢዳሚን ባዕሉ ማርሻሎ ዝተሸመ*

*ዝቐደመ ቁስሊ ከይሓወየ ካልእ ከይደገመ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ*

*ኤረና ንለብዘብን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም*

*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ኣስዋኣትና*

*ዕንወት ንጀንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን*